1st current copy

RDC 1

# ነጋሪት ጋዜጣ ኤርትራ

## ብግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ ዝሕተም

ቅጺ. 1. /1991/ ቁ. 1.

ዕለት 15 ወርሒ መስከረም ዓ.ም. 1991 ዋጋ ........ 10"

# መእተዊ

እዚ ዝእወጅ ዘሎ መሰጋገሪ ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ፡ ኣብ ጽሑፍ ክርአ ከሎ ካብቲ ናይ መግዛእታዊ ኢትዮጵያ ገበናዊ ሕግታት ብዙሕ ዝፍለ ኣይኮነን። ዝፍለየሉ መዳይ እንተሃልዩ እቲ ዝብይኖ መቕጻዕቲ ዝፈኾሰ ምኳኑ ኢዩ። እዚ ዝተገብረሉ ምኽንያት፡ ንገበን ክትቆጻጸሮ ወይ ክትንክዮ ትኽእል ከቢድ መቕጻዕቲ ብምሃብ ዘይኮነስ፡ ነቲ ዝኣወጅካዮ ሕጊ ብቕንዕናን ብትሪን ኣብ ግብሪ ምስ እተውዕሎ ጥራይ ኢዩ፡ ካብ ዝብል እምነት ኢዩ። ንኣብነት ስርዓት ደርግ ብሰበ-ስልጣናትን ሰራሕተኛታትን መንግስትን ዝፍጸሙ ከም ጉቦ ዝኣመስሉ ናይ ብልሽውና ገበናት ንምቍጽጻር፡ ኣብ ርእሲ እቲ ብግዜ ሃይለስላሴ ዝተኣወጀ ገበናዊ ሕጊ፡ ንብልሹዋት ሰበ-ስልጣን ዝኸበደ መቕጻዕቲ ዝህብ ፍሉይ ኣዋጅ ኣውጺኡ ነይሩ። ከቢድ መቕጻዕቲ ዘለዎ ፍሉይ ኣዋጅ ብምውጽኡ ግን ብልሽውናን ጉቦን ኣየቋረጸን ወይ ከኣ ኣይነከየን። ብኣንጻሩ እኳ ድኣ፡ ሰፊሑን ከም ንቡርን ቅቡልን ተግባር ክውሰድ ጀሚሩን። እዚ ዝኾነሉ ከኣ፡ እቶም ቀንዲ ጉቦኛታትን ብልሹዋትን፡ ሰበ-ስልጣን ደርግ ባዕላቶም ስለዝነበሩ ነቲ ሕጊ ተኸታቲሎም ኣንጻር ነብሶም ኣብ ግብሪ ከውዕልዎ ኣይደለዩን። ኣይክእሉን እውን። ኣብ ገበናዊ ሕጊ እምበኣር፡ እቲ ዝያዳ ኣገዳሲ ምኽባድ መቕጻዕቲ ዘይኮነስ፡ ንነብስኻ ነጺ.ህካ ተኸታቲልካ ነቲ ሕጊ ኣብ ግብሪ ከምዝውዕል ምግባር ኢዩ። ስለዚ እቲ ኣብ መሰጋገሪ ገበናዊ ሕግና ተደንጊጉ ዘሎ ንጉቦን ንብልሽውናን ዝምልከት መቕጺዕትታት ከምቲ ኣብ ግዜ ደርግ ከቢድ ኣይኹን እምበር፡ ግዜያዊ መንግስቲ ኤርትራ ነቶም ጉቦ ዝበልዑን ካልእ ብልሹው ተግባራት ዝፍጽሙን ከይነሓፈ ብምቕጻዕ ነቲ ሕጊ ክትግብሮ ኢዩ።

# ኣዋጅ 4

# መሰጋገሪ ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ

ክስርሓሉ ዝጸንሑ ገበናዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከከም ኣድላይነቱ እዞም ዝስዕቡ ምምሕያሻት፡ መተካእታታት፡ ምስራዛት ተገይሩሉን፡ ኩሎም ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ዝምልከቱ ቃላት፡ ሓረጋት፡ ኣስማት፡ ዕለታት ብግዚያዊ መንግስቲ ኤርትራ ተተኪኦምን፡ መሰጋገሪ ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ ተባሂሉ ካብ መስከረም 15 ፡ 1991 ጀሚሩ ኣብ ኤርትራ ክስርሓሉ ተኣዊጁ ኣሎ።

ቀ ዳ ማ ይ ክ ፋ ል

ሓ ፈ ሻ ዊ ክ ፋ ል

ቀ ዳ ማ ይ መ ጽ ሓ ፍ

ገ በ ና ት ን ገ በ ነ ኛ ን

## ቀዳማይ ኣርእስቲ

ገበናዊ ሕግን ዓንኬሉን ።

ምዕራፍ 1 ፡ ናይቲ ሕጊ ዓንኬል

ዓንቀጻት 1-4 ገበናዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም፡ ናይ ዓንቀጽ 4 ቀዳማይ ሕጡበ-ጽሑፍ ግን ብኸምዚ ዝስዕብ

ተመሓይሹ ይስርሓሉ ፡-

"ገበናዊ ሕጊ ናይ ሰብ፡ ማሕበራዊ ቦታ፡ ዓሌት፡ ጾታ፡ ሃይማኖት ፍልልይ ከይገበረ ኣብ ኩሎም ሰባት ብማዕርነት ተፈጻምነት ይህልዎ ። "

ምዕራፍ 2 ፡ ናይቲ ሕጊ ናይ ኣፈጻጽማ ዓንኬል

ዓንቀጻት 5 - 22 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኰይኖም ይስርሓሎም ።

# ካልኣይ ኣርእስቲ

## ገበንን ኣፈጻጽምኡን

ምዕራፍ 1 ፡ ገበናዊ ተግባር

ዓንቀጻት 23 - 25 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኰይኖም ይስርሓሎም ።

ምዕራፍ 2 ፡ ደረጃታት ኣብ ኣፈጻጽማ ገበን

ብዘይካ ዓንቀጽ 27 (3) ዓንቀጻት 26 - 31 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኰይኖም ይስርሓሎም ።

ዓንቀጽ 27 (3) በዚ ዝስዕብ ዝተመሓየሸ ዓንቀጽ 15 (3) ገበናዊ ሕጊ ህግሓኤ ይትካእ ። "27 (3) እቲ ገበን ንምፍጻም ዝፈተነ ሰብ በቲ ነቲ ክፍጽሞ ዝፈተነ ገበን ዝምልከት ዓንቀጽ መሰረት ኢዩ ዝቕጻዕ ። ዝኾነ ናይ ፈተነ መቕጻዕቲ ካብ ፍርቂ ናይቲ ዝተሓተ መቕጻዕቲ ክትሕት ወይ ካብ ፍርቂ ናይቲ ዝለዓለ መቕጻዕቲ ክልዕል የብሉን ። ንምፍኚስ ኣብ ዝፍተነሉ እዋን ፡ እቲ መቕጻዕቲ ፡ ካብቲ ብምፍኚስ ነቲ ገበን ዝወሃብ ዝተሓተ መቕጻዕቲ ክትሕት የብሉን ።

እቲ ገበን ናይ ሞት መቕጻዕቲ ዘስዕብ እንድሕሪ ኮይኑ እቲ መቕጻዕቲ ካብ 5 ዓመት ክሳብ ሕልፈት ክኸውን ይኽእል ።"

ምዕራፍ 3 ፡ ተሳትፎ ኣብ ገበን

ዓንቀጻት 32-40 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኰይኖም ይስርሓሎም ።

ምዕራፍ 4 ፡ ተሳትፎ ኣብ ምስ ጽሑፋት ዝተዛመደ ገበናት

ብዘይካ ዓንቀጽ 44 ፡ ዓንቀጻት 41-47 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይ ኖም ይስርሓሎም ። ኣብ ዓንቀጽ 44 እቲ " ሕጋዊ ምግዳድ " ወይ " ሕግ የሚያዘው የግዴታ ተግባር " ዝብል ሓረግ ንጹግ ይኸውን ።

# ሳልሳይ ኣርእስቲ
# ገበናዊ ሓላፍነት ዘስዕቡ ኩነታት

ምዕራፍ 1 ፡ ገበናዊ ሓላፍነት

ብዘይካ ዓንቀጻት 52ን 53ን (1) ዓንቀጻት 48 - 56 ከምዘለውዎ

ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

ኣብ ዓንቀጽ 52 እቲ "ትሸዓተ ዓመት ዘይመልኡ" ዝብል ፡ "ዓሰርተ ክልተ ዓመት" ዘይመልኡ ብምባል ተመሓይሹ ይስርሓሉ ።

ኣብ ዓንቀጽ 53 (1) እቲ "ኣብ መንጎ ትሸዓተን ዓሰርተ ሓሙሽተን ዝዕድመኦም" ዝብል ፡ "ኣብ መንጎ ዓሰርተ ክልተን ዓሰርተ ሓሙሽተን ዝዕድመኦም" ብምባል ተመሓይሹ ይስርሓሉ ።

ምዕራፍ 2 ፡ ገበናዊ ሕልና

ብዘይካ ዓንቀጻት 58 (1) ፡ 59 (1) ፡ 67 ፡ 68 ፡ 73 ፡ 79 (1) ዓንቀጻት 57 - 84 ክምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

ዓንቀጽ 58 (1) በዚ ዝስዕብ 11 (1) ገበናዊ ሕጊ ህግሓኤ ይትካእ ።

"11. ኩነ ኢልካ ዝፍጸም ገበን

1. ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ገበን ፈጺሙ ዝበሃል ንሓደ ዘቐጽዕ ተግባር ሓሲቡን ብሙሉእ ፍልጠትን ምስ ዝፍጽሞ ኢዩ ።"

ዓንቀጻት 58 /2/ን/3/ ገበናዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ክምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

ዓንቀጽ 59 /1/ በዚ ዝስዕብ ዝተመሓየሸ ዓንቀጽ 12 /1/ ገበናዊ ሕጊ ህግሓኤ ይትካእ ።

"12. ብሸለልትነት ዝፍጸም ገበን

1. ዝኾነ ሰብ ብሸለልትነት ገበን ፈጺሙ ዝበሃል ፡—
ሀ- ሳዕቤን ናይ ተግባሩ ኣቐዲሙ ተራእይዋ ከሎ ፡ ብመሰረት ዘይብሉ ምኽንያት እቲ ሳዕቤን ኣይፍጸምን ኢሉ ብምእማን ነቲ ተግባር ምስ ዝፍጽሞ ፡— ወይ
ለ- እቲ ሳዕቤን ናይ ተግባሩ ኣቐዲሙ ክርእዮ ዝግባእ ከሎን ክርእዮ እናኽኣለ ከሎን ከይረኣዩ ብምትራፍ ነቲ ተግባር ምስ ዝፍጽም ኢዩ ።

ከምኡ'ውን ፡ ሓደ ሰብ ነቲ ኩነታት ናይቲ ጉዳይ ኣብ ግምት ኣእቲኻን ፡ ንዕድመኡ ፡ ተመክሮኡ ፡ ደረጃ ትምህርቱ ፡ ሞያኡ ፡ ማሕበራዊ ቦትኡ ኣብ ግምት ኣእቲኻን ፡ ብርትዓዊ ዓይኒ ካብኡ ትጽበዮ ጥንቃቐ ከይወሰደ ምስ ዝተርፍ ብሸለልትነት ገበን ከም ዝፈጸመ ኢዩ ዝውሰድ ።"

ዓንቀጽ 59 /2/ ገበናዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ክምዘለዎ ቅቡል ኰይኑ ይስርሓሉ ።

ዓንቀጻት 67ን 68ን ገበናዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ንጹጋት ኰይኖም በዚ ዝስዕብ ዓንቀጽ 25 ገበናዊ ሕጊ ህግሓኤ ይትክኡ ።

"ዓንቀጽ 25. ፍጹም አካላዊ ወይ አእምሮኣዊ ምግዳድ

1. ዝኾነ ሰብ ኣብ ትሕቲ ፍጹም ኣካላዊ ምግዳድ ኮይኑ ፡ ብገበን ክቕጽዕ ዝኽእል ተግባር እንተድኣ ፈጺሙ ብሓላፍነት ኣይ ሕተትን ።
2. ዝኾነ ሰብ ኣብ ትሕቲ ንዕኡ ወይ ንኻልእ ሰብ ኣብ ከቢድ ሓደጋ ዘውድቕ ምፍርራሕ ዝተሓወሶ አእምሮኣዊ ምግዳድ ኮይኑ ብገበን ክቕጽዕ ዝኽእል ተግባር እንተድኣ ፈጺሙ ብሓ ላፍነት ኣይሕተትን ።
3. እቲ ኣካላዊ ይኹን አእምሮኣዊ ምግዳድ ክጽወር ዝኽእል እንተድኣ ነይሩ ፡ ቤት - ፍርዲ ነቲ መጠንን ባህርይን ናይቲ ምግዳድን ፡ ነቲ ኣብ መንጎ እቲ ኣገዳዲን ተገዳዲን ዝነበረ ናይ ሓይሊ ፡ ናይ ዕድመ ፡ ናይ ተጸጋዕነት ዝምድናን ኣብ ግምት ብም እታው ነቲ መቕጻዕቲ ክፍኩሶ ይኽእል ኢዩ ።"

ዓንቀጽ 73 ገበናዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ንጹግ ኰይኑ አይሰርሓሉን ።
ዓንቀጽ 79 /1/ እዚ ዝስዕብ /ረ/ን /በ/ን ተወሲኽሉ ይመሓየሽ :—
"ረ- ንሃገር ብተወፋይነት ንነዊሕ ግዜ ዘገልገለ እንተኾይኑ ፡
በ- እቲ ገበነኛ ጸማም ፡ ወይ ዕውር ወይ ዓባስ ወይ ካልእ ዓይነት ስንኩል ዝነበሮ እንተኾይኑ ።"

# ካልኣይ መጽሓፍ

# ገበናዊ መቕጻዕቲን ኣፈጻጽምኡን

## ቀዳማይ ኣርእስቲ

### መቕጻዕትን ካልኦት ስጉምትታትን ኣተገባብርኦምን

ብዘይካ ዓንቀጽ 85 ፡ ዓንቀጻት 86ን 87ን ከምዘለውዎ ቅቡ ላት ኰይኖም ይሰርሑሎም ።

ዓንቀጽ 85 እቲ ቀዳማይ ሕጡበ - ጽሑፍ /ፓራግራፍ/ ቅቡል ኰይኑ ፡ እቲ ካልኣይ ሕጡበ - ጽሑፍ ግን

በዚ ዝስዕብ 32/2/ ገበናዊ ሕጊ ህግሓኤ ይትካእ፡-

" 32/2/ ኣብ ግዜ መቕጻዕቲ እቲ ገበነኛ ቅኑዕ ኣረኣእያ ብዛዕባ

ስራሕን ሕጋዊ ስርዓትን ፡ ሕጋጋትን ማሕበራዊ ናብራን ንከ ማዕብል ኢዩ ትጽቢት ዝግበር ። መቕጻዕቲ ኣብ ልዕሊ እቲ ገበነኛ ኣካላዊ ስቓይ ወይ ውርደት ናይ ሰብኣዊ ክብሪ ከኸ ትል የብሉን ።

## ምዕራፍ 1. ኣብ ልዕሊ ብጹሓት ዝፍጸሙ ንቡራት መቕጻዕትታት

ብዘይካ ዓንቀጻት 97(3)ለ ፡ 111 /3/ ፡ 112 /1/ ፡ 118 ፡ 120 (ሀ) ፡ ዓንቀጻት 88 - 127 ክምዘለውዎ ቅቡላት ኰይኖም ይስ ርሐሎም ።

ዓንቀጽ 97(3)ለ "ካብ ሰለስተ ወርሒ ንዘይውሕድ ግዜ" ወይ "ከሶስት ወር ለማያንስ ግዜ" ብዝብል ተመሓይሹ ይስርሓሉ ።

ዓንቀጽ 111(3) "ዝሓሸ ምግቢ ናይ ምርካብ" ወይ "የተሻለ ምግብ የማግኘት" ዝብል ሓረግ ተሰሪዙ ክስርሓሉ ።

ዓንቀጽ 112 /1/ እቲ "ካብ ሰለስተ ኢድ ክልተ ኢድ" ወይ "ከሶስት እጅ ሁለት እጅ" ዝብል ሓረግ ብ "ካብ ሰለስተ ኢድ ሓደ ኢድ" ወይ "ከሶስት እጅ ኣንድ እጅ" ዝብል ሓረግ ተተኪኡ ፡ እቲ "ዕስራ ዓመት" ወይ "ሓያ ዓመት" ዝብል ሓረግ ድማ ብ"ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት" ወይ "ኣስራ ኣምስት ዓመት" ዝብል ሓረግ ተተኪኡ ይስርሓሉ ።

ዓንቀጽ 118 ፡ ገበናዊ ሕጊ ኢትዮጵያ በዚ ዝስዕብ ዝተመሓየሸ ዓን ቀጽ 36 (4) ገበናዊ ሕጊ ህግሓኤ ይትካእ ፡-

" ዓንቀጽ 36 (4) ናይ ሞት መቕጻዕቲ ዘይውሰደሉ ወይ ዝውንዘፈሉ ኩነታት

ናይ ሞት መቕጻዕቲ ኣብ ልዕሊ እቲ ገበን ክፍጽም ከሎ 18 ዓመት ዝነበሩ መንእሰያትን ፡ ኣብ ኩነታት ናይ ዝተወሰነ ገበናዊ ሓላፍነት ዝነበሩ ሰባትን ፡ ኣብ ነፍስ-ጾር (ጥንሳት) ደቂ ኣንስትዮ ፡ ኣብ ካብ 3 ዓመት ንታሕቲ ዝዕድመኡ ህጻን ዘለወን ደቂ ኣንስትዮን ኣይፍጸምን ። እቲ ናይ ሞት መቕጻዕቲ ናብ ናይ ጽኑዕ ማእሰርቲ ንሕልፈት ይወርድ ።

ናይ ሞት መቕጻዕቲ ዝተወሰነሉ እሱር ብርቱዕ ሕማም እንተ ድኣ ሃልይዎ ክሳብ እቲ ኩነታቱ ዝመሓየሽ ኣብ ልዕሌኡ ናይ ሞት መቕጻዕቲ ኣይውሰድን ። "

ዓንቀጽ 120(ሀ) ገበናዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ንጹግ ኰይኑ ኣይስርሓሉን ። ኩሎም ንምኽርማጅ ዝጠቕሱ ካልኦት ዓንቀጻት ገበናዊ ሕጊ ኢትዮጵያ እውን ንጹጋት ኮይኖም ኣይስርሓሎምን ።

ምዕራፍ 2 ፡ ኣብ ፍሉይ ኩነታት ኣብ ልዕሊ ዝበጽሑ ዝውሰድ ስጉምቲታት

ዓንቀጻት 128 - 132 ፡ ብሙሉኦም ንጹጋት ኮይኖም ኣይስርሓሎምን ። ኩሎም ን"ጽኑ ግዞት" ዝጠቕሱ ካልኦት ዓንቀጻት ገበናዊ ሕጊ ኢትዮጵያ'ውን ንጹጋት ኮይኖም ኣይስርሓሎምን ።

ዓንቀጻት 133 - 137 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

ምዕራፍ 3 ፡ ንምዕጋስን ንምክልኻልን ዝውሰድ ሓፈሻዊ ስጉምቲታት

ዓንቀጻት 138—160 ከም ዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

ምዕራፍ 4 ፡ ኣብ ልዕሊ መንእሰያት ዝውሰድ ስጉምቲታትን መቕጻዕቲታትን

ብዘይካ ንኡስ ክፋል 1 ፡ ዓንቀጽ 161 ፡ ዓንቀጽ 172 ፡ ዓንቀጻት 161 - 182 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

ንኡስ ክፋል 1 ፡ እቲ "ኣብ መንጎ ትሽዓተን ዓሰርተ ሓሙሽተን ዝዕድመኦም" ዝብል ሓረግ ፡ ብ"ኣብ መንጎ ዓሰርተ ክልተን ዓሰርተ ሓሙሽተን ዝዕድመኦም" ዝብል ሓረግ ተተኪኡ ይስርሓል ።

ዓንቀጽ 161 ፡ እቲ "ኣብ መንጎ ትሽዓተን ዓሰርተ ሓሙሽተን ዝዕድመኦም" ዝብል ሓረግ ብ"ኣብ መንጎ ዓሰርተ ክልተን ዓሰርተ ሓሙሽተን ዝዕድመኦም" ዝብል ሓረግ ተተኪኡ ከምዘለዎ ይስርሓል ።

ዓንቀጽ 172 ብሙሉኡ ንጹግ ኮይኑ ኣይስርሓሉን ። ኩሎም ካልኦት ንመግረፍቲ ዝጠቕሱ ዓንቀጻት ገበናዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ንጹጋት ኮይኖም ኣይስርሓሎምን ።

# ካልኣይ ኣርእስቲ

# ምውሳን ምውንዛፍ ምቍራጽን ምስራዝን ናይ መቕጻዕቲ

ምዕራፍ 1 ፡ ምውሳንን ምውንዛፍን ናይ መቕጻዕቲ

ዓንቀጻት 183 - 215 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

ምዕራፍ 2 ምቍራጽን ምስራዝን ናይ ክሲን መቕጻዕትን

ብዘይካ ዓንቀጻት 209 ፡ 236 (ሐ) ፡ 247 ፡ ዓንቀጻት 216—247 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

ኣብ ዓንቀጽ 209 እቲ "በጽኑ ግዞት ስፍራ ተወስኖ እንዲኖር

የተወሰነበት ደጋጋሚ ወንጀለኛ ሲሆን የአመክሮው ጊዜ ከሁለት ዓመት ሊያንስ አይችልም” ዝብል ሙሉእ ሓሳብ ንጹግ ኰይኑ ኣይስርሓሉን ።

ኣብ ዓንቀጽ 236 እቲ “ወይም ባንድ የግዞት ቦታ ተወስኖ በመኖር ቅጣት” ዝብል ሓረግ ንጹግ ኰይኑ ኣይስርሓሉን ።

# ካልኣይ ክፋል

# ፍሉይ ክፋል

# ሳልሳይ መጽሓፍ

ኣንጻር መንግስቲ ወይ ኣንጻር ሃገራዊ ረብሓ ወይ ኣንጻር ኣህጉራዊ ረብሓ ዝፍጸም ገበናት

# ቀዳማይ ኣርእስቲ

ኣንጻር መንግስቲ ዝፍጸም ገበናት

ምዕራፍ 1 ኣንጻር ሃገራዊ መንግስቲ ዝፍጸም ገበናት

ብዘይካ ዓንቀጻት 248 ፡ 249 ፡ 250 ፡ 251 ፡ 256 ፡ 257 ፡ 258 ፡272 ዓንቀጻት 248—272 ከምዘለዎ ቅቡል ኰይኑ ይስርሓሉ ።

ዓንቀጻት 248ን 249ን ብሙሉኡ ንጹግ ኰይኑ ኣይስርሓሉን ።

ዓንቀጽ 250 ብኸምዚ ዝስዕብ ተመሓይሹ ይስርሓሉ ፦—

“250 ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ወይ መንግስታዊ ስልጣናት ዝፍጸም ገበን

ዝኾነ ሰብ ብሓይሊ ፡ ብምፍርራሕ ፡ ብውዲት ወይ ብኻልእ ዘይሕጋዊ ኣገባብ ንመንግስቲ ወይ ንቕውም ህዝባዊ ፡ ሓጋጊ ፡ ፈጻሚ ወይ ፍርዳዊ ስልጣን ዝግልብጥ ወይ ንምግልባጥ ፡ ንምልዋጥ ንምዕናው ዝፍትን ብካብ 3 ዓመት ክሳብ ሕልፈት ጽኑዕ ማእሰርቲ ይቕጻዕ ፡ ወይ ከኣ ኣብ ፍሉይ ከቢድ ጉዳያት ብሞት ይቕጻዕ ።

ኣብ ዓንቀጽ 251 እቲ “ቀዋማዊ ስልጣን ” ወይ “ብሕገ መንግስቱ የስልጣን ስራ” ወይ “በሕገ መንግስቱ በተሰጣቸው ስልጣን” ዝብል ሓረግ ብ“መንግስታዊ ስልጣን” ዝብል ሓረግ ተተኪኡ ይስርሓሉ ።

ዓንቀጽ 256 ብኸምዚ ዝስዕብ ተመሓይሹ ይስርሓል፡—

"ዓንቀጽ 256 ኣብ ልዕሊ መንግስታዊ ሰበስልጣን ዝፍጸም ጉድኣት፡

1. ዝኾነ ሰብ፡ ንመንግስቲ ወይ ንሓደ ካብቶም ዝቖሙ ሕጋጊ ፈጻሚ ወይ ፍርዳዊ ስልጣናት ምስ ዝጸርፍ፡ ዘዋርድ፡ ዘጸልም ወይ ዘነውር ብካብ ሰለስተ ወርሒ ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ፈኵስ ማእሰርቲ ወይ ናይ ገንዘብ መቕጻዕቲ ይቕጻዕ።

2. ትርጉም ናይዞም ምጽራፍ፡ ምውራድ፡ ምጽላም፡ ምንዋር ዝበሃሉ ኣምራት ኣብቲ ምስ ምንዋር ሰብኣዊ ክብሪ ዝተተሓሓዘ ዓንቀጻት (ዓንቀጽ 580ን583ን) ተዋሂቡ ኣሎ።

ዓንቀጽ 257 ብኸምዚ ዝስዕብ ተመሓይሹ ይስርሓል፡—

"ዓንቀጽ 257 ድፍረት ኣብ ልዕሊ ባንዴራ ኤርትራን ባንዴራ ህ.ግ.ሓ.ኤ.ን

ዝኾነ ሰብ፡ ብተንኰል ወይ ብንዕቀት ወይ ብኻልእ ተመሳሳሊ ምኽንያት፡ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ንባንዴራ ኤርትራ ወይ ንባንዴራ ህግሓኤ ምስ ዝቐድድ፡ ዘዕኑ፡ ዘበላሹ ወይ ዝጸርፍ ብካብ ሰለስተ ወርሒ ዘይውሕድ ፈኵስ ማእሰርቲ ወይ ናይ ገንዘብ መቕጻዕቲ ይቕጻዕ"።

ዓንቀጽ 258 ብኸምዚ ዝስዕብ ተመሓይሹ ይስርሓል፡—

"ዓንቀጽ 258 ብዘይ ሕጋዊ ኣገባብ ብባንዴራ ኤርትራ ወይ ባንዴራ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ምጥቃም

ዝኾነ ሰብ፡ ንዝኾነ ዕላማ፡ ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ብባንዴራ ኤርትራ ወይ ብባንዴራ ህግሓኤ ምስ ዝጥቀም፡ ብፈኵስ ማእሰርቲ ወይ ብናይ ገንዘብ መቕጻዕቲ ይቕጻዕ።"

ዓንቀጽ 272 (ሀ)ን (ለ)ን ንጹግ ኰይኑ ኣይስርሓሉን። እቲ ዝተረፈ ክፋል ዓንቀጽ 272ን ዓንቀጽ 272 (ሐ)ን ግን ከምዘለዎ ቅቡል ኰይኑ ይስርሓል።

ምዕራፍ 2 ኣብ ልዕሊ ናይ ወጻኢ መንግስታት ዝፍጸም ገበናት

ዓንቀጻት 273—280 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ።

# ካልኣይ ኣርእስቲ

ኣንጻር ኣህጉራዊ ሕግታት ዝፍጸም ገበናት

ምዕራፍ 1 መሰረታውያን ገበናት

ዓንቀጻት 281—293 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ።

ምዕራፍ 2 ኣንጻር ኣዕቑብቲ ትካላት ዝፍጸም ገበናት

ዓንቀጻት 293—295 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ።

# ሳልሳይ ኣርእስቲ

ወተሃደራዊ ገበናትን ኣንጻር ዕጡቕ ሰራዊትን ናይ ፖሊስ ሰራዊትን ዝፍጸም ገበናት

ምዕራፍ 1 ወተሃደራዊ ገበናት

ዓንቀጻት 296—331 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ።

ምዕራፍ 2 ኣንጻር ዕጡቕ ሰራዊትን ኣባላቱን ዝፍጸም ገበናት

ዓንቀጻት 332—348 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ።

ምዕራፍ 3 ፡ ተፈጻምነት ዓንቀጻት 296—346 ኣብ ልዕሊ ናይ ፖሊስ ሰራዊት

ዓንቀጻት 349—353 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ።

# ራብዓይ ኣርስእቲ

ኣብ ልዕሊ ናይ መንግስቲ ናይ ግብሪን ቀረጽን እቶትን ፡

ናይ መንግስቲ ቁጠባዊ ረብሓ ብሓፈሻን ዝፍጸም ገበናት

ምዕራፍ 1 ሓፈሻዊ ዓንቀጻት

ዓንቀጻት 354—356 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ።

ምዕራፍ 2 ፍሉያት ዓንቀጻት

ዓንቀጻት 357—365 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ።
ሓሙሻይ ኣርእስቲ

ኣብ ልዕሊ ገንዘብ ወይ ኣብ ልዕሊ ወግዓውያን ማሕተማት ስታምፕታት ወይ ሰነዳት ዝፍጸም ገበናት ።

ምዕራፍ 1 ናይ ሓሶት ገንዘብ

ዓንቀጻት 366—370 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም

ምዕራፍ 2 ምትምያን ናይ ወግዓውያን ማሕተማት ፣ ስታምፕታት ፣

ምልክታት ፣ ሚዛናትን መዐቀኒታትን ።

ብዘይካ ዓንቀጽ 371 ዓንቀጻት 371—376 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ። ኣብ ዓንቀጽ 371 እቲ "ናይ ንጉሰ ነገስት ማሕተማት" ወይ 'ሣ' የንጉስ ነገስቱ ማህተሞች" ዝብል ሓረግ ንጹግ ኮይኑ ኣይስርሓሉን ።

ምዕራፍ 3 ናይ ሓባር ዓንቀጻት

ዓንቀጻት 377—382 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ።

# ራብዓይ መጽሓፍ

ኣንጻር ህዝባዊ ረብሓ ወይ ኣንጻር ሕብረተ-ሰብ ዝፍጸም ገበናት

# ቀዳማይ ኣርእስቲ
# እምነት ምጉዳል

ምዕራፍ 1 ምትምያን ሰነዳት

ዓንቀጻት 383—392 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ።

ምዕራፍ 2 ምትምያን ወረቐት ምስክር

ዓንቀጻት 393—398 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ።

ምዕራፍ 3 ናይ ኣቑሑ ምድንጋር ፣

ዓንቀጻት 399—403 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ።

# ካልኣይ ኣርእስቲ

## ብዛዕባ ምስጢር ምሓዝ

ዓንቀጻት 404—409 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ።

# ሳልሳይ ኣርእስቲ

ኣብ ልዕሊ ናይ መንግስቲ ስራሕ ዝፍጸም ገበናት

ምዕራፍ 1 ሰበ-ስልጣን ግዴታኦም ብዘይምፍጻም ዝፍጽምዎም ገበናት፡

ዓንቀጻት 410—426 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ።

ምዕራፍ 2 ካልኦት ሰባት ኣብ ልዕሊ ናይ መንግስቲ ስራሕ ዝፍጽምዎ ገበናት

ዓንቀጻት 427—437 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ።

# ራብዓይ ኣርእስቲ

ኣንጻር ምምሕዳር ፍትሒ ዝፍጸም ገበናት

ምዕራፍ 1 ኣንጻር ድንነት ዝፍጸም ገበናት

ዓንቀጻት 438—445 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ።

ምዕራፍ 2 ምስ ናይ ሓሶትምስክርነትን ዘይተኣማንነትን ዝተተሓሓዙ ገበናት

ዓንቀጻት 446—452 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ።

ምዕራፍ 3 ኣንጻር ብይን (ፍርዲ) ዝፍጸም ገበናት

ዓንቀጻት 453—459 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ።

# ሓምሻይ ኣርእስቲ

ኣንጻር ህዝባዊ ምርጫን ኣደማምጻን ዝፍጸም ገበናት

ዓንቀጻት 460—470 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ።

# ሻዱሾይ ኣርእስቲ

ኣንጻር ሕጊን ርግኣትን ዝፍጸም ገበናት፡

ሰላም ንምኽላእ ዝፍጸም ተግባራት ።

ምዕራፍ 1 ኣንጻር ሕጊን ርግኣትን ዝፍጸም ገበናት ፡

ብዘይካ ዓንቀጽ 481 ዓንቀጻት 471—483 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

ዓንቀጽ 481 (ሀ) ንጹግ ኮይኑ ኣይሰርሓሉን ። ዓንቀጽ 481 (ለ) ግን ከምዘለዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ።

ምዕራፍ 2 ሰላም ምኽላእ

ዓንቀጻት 484—487 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

ሻብዓይ ኣርእስቲ

ኣብ ልዕሊ ህዝባዊ ጸጥታን ናይ መራኽቢታት ድሕንነትን ዝፍጸም ገበናት ፡

ምዕራፍ 1 ኣንጻር ህዝባዊ ጸጥታ ዝፍጸም ገበናት

ዓንቀጻት 488—498 ከም ዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

ምዕራፍ 2 ኣንጻር ናጽነት ናይ ምጉዕዓዝን ምርኻብን

ኣንጻር ድሕነት ናይ መራኽቢታትን ዝፍጸም ገበናት

ዓንቀጻት 499—502 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

# ሻሙናይ ኣርእስቲ

ኣንጻር ሓለዋ ጥዕና ዝፍጸም ገበናት

ምዕራፍ 1 ምጥሓስ ናይቶም ሓፈሻውያን ተኽላኽልቲ ዓንቀጻት

ዓንቀጻት 503—517 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

ምዕራፍ 2 ምጥሓስ ናይቶም ናይ ምፍዋስ ባህሪ ዘለዎም ተኽላኽልቲ ዓንቀጻት

ዓንቀጻት 518—520 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

# ሓሙሻይ መጽሓፍ

ኣንጻር ውልቀሰባትን ስድራ—ቤትን ዝፍጸም ገበናት

ቀዳማይ ኣርእስቲ

ኣንጻር ህይወት ወዲሰብ ዝፍጸም ገበናት

ብዘይካ ዓንቀጽ 528 ፡ 529 ፡530 ፡ 531 ፡ 532 ፡ 533 ፡ 534 ፡ 535 ፡

ዓንቀጻት 521—536 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

ዓንቀጽ 528 (1) ከምዘለዎ ቅቡል ኮይኑ ፡ ዓንቀጽ 528 (2) ግን ንጹግ

ኮይኑ ኣይስርሓሉን ።

ዓንቀጽ 529 (1) እቲ "ፈኩሽ መቕጻዕቲ ካብ ሰለስተ ወርሒ ክሳብ
5 ዓመት" ወይ "ከሶስት ወር በማያንስና እስከ ኣምስት ዓመት ለመድረስ በሚችል እስራት" ዝብል ሓረግ ብ"ካብ 10 መዓልቲ ክሳብ 2 ዓመት ፈኩሽ ማእሰርቲ" ዝብል ሓረግ ተተኪኡ ይስርሓሉ ።
ኣብ ዓንቀጽ 529 (2) እቲ ኣብ ካልኣይ ሕጥበ-ጽሑፍ (ፓራግራፍ) ብከምዚ ዝስዕብ "ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኵነታት እቲ መቕጻዕቲ ካብ 1 ዓመት ክሳብ 5 ዓመት ፈኩሽ ማእሰርቲ ይኸውን" ወይ "እንዲህም በሆነ ጊዜ ቅጣቱ ከአንድ እስከ ኣምስት ዓመት እስራት ይሆናል" ሙሉእ ሓሳብ ሰፊሩ ዘሎ ንጹግ ኮይኑ ኣይ ስርሓሉን ።

ዓንቀጽ 530 (1) እቲ "ብካብ 5 ዓመት ዘይበዝሕ ጽኑዕ ማእሰርቲ
የቕጽዕ" ወይ "እስከ ኣምስት ዓመት ለመድረስ በሚችል ጽኑ እስራት ይቀጣል ።" ዝብል ሙሉእ ሓሳብ ብ"ብካብ 10 መዓልቲ ክሳብ 2 ዓመት ፈኩሽ ማእሰርቲ የቕጽዕ" ዝብል ሙሉእ ሓሳብ ተተኪኡ ይስርሓሉ ። ዓንቀጽ 530 (2) ከምዘለዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ።

ዓንቀጻት 531—533 ንጹጋት ኮይኖም ኣይስርሓሎምን ።

ዓንቀጽ 534 ብከምዚ ዝስዕብ ተመሓይሹ ይስርሓሉ ።

"ዓንቀጽ 534 ኣብ ሕክምናን ካልእ ምኽንያትን ዝተመርኰሰ ምን

ጻል ጥንሲ ፡

እንተድኣ ምንጻል ጥንሲ ነታ ጥንስቲ ካብ ከቢድን ዘላቕን ሓደጋ ናይ ህይወት ወይ ሓደጋ ናይ ጥዕና ንምድሓን ተባሂሉ ዝተገብረ ኮይኑ ፡ ወይ ከኣ እቲ ምንጻል ዝተፈጸመ ብምኽንያት ሓደገኛ ዝኾነ ኣካላዊ ወይ ኣእምሮኣዊ ምጭናቕ ናይታ ጥንስቲ እንድሕሪ ኮይኑ ፡ ወይ ከኣ ንብሰንኪ ዓመጽ ወይ ብሰንኪ ምስ

ናይ ቀረባ ዘመድ ዝተገብረ ጾታዊ ርክብ ዝስዓበ ጥንሲ ንምንጻል ተባሂሉ ዝተገብረ እንድሕሪ ኮይኑ ኣየቕጽዕን ኢዩ ።"

ዓንቀጽ 535 ንጹግ ኮይኑ ኣይስርሓሉን ።

ምዕራፍ 2 ኣንጻር ሰባትን ጥዕናን ዝፍጸም ገበናት

ዓንቀጻት 537—551 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

## ካልኣይ ኣርእስቲ

## ኣብ ልዕሊ ናይ ሰባት ናጽነት ዝፍጸም ገበናት

ምዕራፍ 1 ገበናት ኣንጻር ግላዊ ናጽነት

ዓንቀጻት 552—567 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

ምዕራፍ 2 ኣንጻር ናይ ካልኦት ሰባት መሰላት ዝፍጸም ገበናት

ዓንቀጻት 568—573 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

## ሳልሳይ ኣርእስቲ

## ኣንጻር ሰብኣዊ ክብሪ ዝፍጸሙ ገበናት

ምዕራፍ 1 ሓፈሻዊ ዓንቀጻት

ዓንቀጻት 574—579 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

ምዕራፍ 2 ንምድፋር ሰብኣዊ ክብሪ ዝምልከቱ ፍሉያት ዓንቀጻት

ዓንቀጻት 580—588 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

## ራብዓይ ኣርእስቲ

## ኣንጻር ስነ-ምግባርን ስድራ ቤትን ዝፍጸሙ ገበናት

ምዕራፍ 1 ኣንጻር ስነ-ምግባር ዝፍጸሙ ገበናት

ዓንቀጻት 589—613 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

ምዕራፍ 2 ኣንጻር ስድራ ቤት ዝፍጸም ገበናት

ብዘይካ ዓንቀጽ 618፡ ዓንቀጻት 614—626 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

ዓንቀጽ 618 (3) ንጹግ ኮይኑ ኣይስርሓሉን ። ዓንቀጽ 618 (1)ን (2)ን ግን ከምዘለዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ።

# ሓምሻይ መጽሓፍ

# ኣብ ልዕሊ ንብረት ዝፍጸም ገበናት

## ቀዳማይ ኣርእስቲ

### ኣንጻር መሰላት ኣብ ልዕሊ ንብረት ዝፍጸም ገበናት

#### ምዕራፍ 1

**ሓፈሻዊ ዓንቀጻት**

ዓንቀጻት 628 - 629 ከምዘለዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

**ምዕራፍ 2 ኣብ ልዕሊ ንብረት ዝፍጸም ገበናት**

ዓንቀጻት 630 - 655 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

**ምዕራፍ 3 ኣንጻር መሰላት ኣብ ልዕሊ ንብረት ዝፍጸም ገበናት**

ዓንቀጻት 656 - 670 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮ.ኖም ይስርሓሎም ።

## ሳልሳይ ኣርእስቲ

### ቁጠባዊን ንግዳዊን ገበናት

#### ምዕራፍ 1 ኣብ ልዕሊ ዘይጭበጡ መሰላት ዝፍጸም ገበናት

ዓንቀጻት 671 - 680 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

**ምዕራፍ 2 ኣብ ልዕሊ ብዕዳ ፡ ኣፈጻጽማ ፡ ጥፍሽና ዝለዓሉ ክስታት ዝፍጸም ገበናት ።**

ዓንቀጻት 680 - 689 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

## ሳልሳይ ክፋል

### ንበደላት ዝምልከት ሕጊ

ብዘይካ ዓንቀጽ 773፣ ንበደላት ዝምልከቱ ዓንቀጻት 690 - 820 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ።

ዓንቀጽ 773 (ሐ) ብኸምዚ ዝስዕብ ተመሓይሹ ይስርሓሉ ፦

"ዓንቀጽ 773 (ሐ) ንሕጻናት ወይ ንትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድመኦም

መንእሰያት ወይ ጐደሎ ኣእምሮ ብምዃኖም ንብሕጊ ተሓተትቲ ዘይኮኑ ሰባት፣ ወይ ንዝሰኸሩ ሰባት ወይ ንሓደገኛታት ሰባት ኣብ ንህዝቢ ክፉት ዝኾነ ቦታታት ኣልኮል (መስተ) ዝሸጠ፣ ዝሃበ፣ ዘቕረበ ወይ ንኽቕርበሎም ዘፍቀደ፣ ወይ"

ዓንቀጽ 773 (ሀ) (ለ) (መ) ከምዘለዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ።

### እዚ መሰጋገሪ ገበናዊ ሕጊ'ዚ ምስ ካልኦት መግዛእታዊ ገበናዊ ሕግ ታት ዘለዎ ዝምድና

ዓንቀጻት 5 - 10 ናይዚ መሰጋገሪ ገበናዊ ሕጊ'ዚ ዝተሓለዉ ኮይኖም፣ ኩሎም ነዚ ንመሰጋገሪ እዋን ክስርሓሉ ተኣዊጁ ዘሎ ገበናዊ ሕጊ ብቐጥታ ኮነ ብተዘዋዋሪ ዝጸረሩ መግዛእታዊ ሕግታት፣ ወይ ነቲ ናይ ቅድም ናይ ኢትዮጵያ ገበናዊ ሕጊ ዘመሓየሹ መግ ዛእታዊ ሕግታት ንጹጋት ይኾኑ፣ ንትራፊክ ዝምልከት ናይ ቅድም ሕግታትን ሕጋጋትን ግን ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።